# ከመይ ዘይከውን?

\-    4ይ ክፋል -

*''ሕሉፍ ኣተሓሳስባናን ተግባርናን ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣብጺሑና ኣሎ። እወንታኡን ኣሉታኡን ከኣ እነሆ ኣብ ቅድሚና። ሎሚ እንሓስቦን እንትግብሮን ድማ ናብ መጻኢ ከሰጋግረና'ዩ!!!!''*

ንተኻታተልቲ ጽሑፋተይ ዘንበቡ፡  እቲ ናይ ኤርትራ ጸገማት ርዱእ ኢዩ። ንናይ ህግደፍ፡ ፍሹል፡ ንጹል፡ ጸቢብን፡ ዓጺቕን ኣመራርሓ ምድግጋም እንተዘይኮይኑ ቅድሚ ሕጂ ዘይተዳህሰሰን ዘይተፈልጠን የብሉን። ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ድኹም፡ ጽግዕተኛ፡ ዘይሓደነታዊን ዕቡስ ራእይን'ውን ከምኡ ዝተሰወረ የብሉን። ስለዚ ነዚ ከም ታሪኽ ወይ ሓበሬታ እናሻዕ ምድግጋሙ፡ ንባዕሉ ናይ ድኽመት ምልክት ኢዩ። ካብ ኮነ፡ ንምንታይ ኣብ ፍታሕ ኣተኲርካ ኣይትጽሕፍን?... ክብሉ ትዕዝብቶምን ርእይቶኦምን ኣቕሪቦሙለይ። የቐንየለይ።

ምስ'ዚ ትዕዝብትን ርእቶን'ዚ እሳማማዕ። ንዝሞተ ፈረሰ ዝሃረምካ እንተሃረምካዮ ለውጢ ኣይገብርን፣ሞይቱ ስለዝኾነ። እወ፡ ካብ ወገን ተቓውሞ፡ ንፍሽለት ህግደፍ ከም'ዚ መግዲ ኣርብዓ እዮም ዝኸድዎ። ክሳብ ሕጂ ግን፡ ንኤርትራ ካብ ናይ ጥፍኣት ክድሕንዋ ናይ ገዛእ ርእሶም ድልውነት የብሎምን። ህግደፋውያን ድማ ብሕጽር ዝበለ፡ ካብ ህግደፍ ወጻኢ ኤርትራውያን የለዉን ኢሎም እዮም ዝኽሕዱ። ንኤርትራ ግን፡ መንእሰይ ወለዶኣ እንተ ብውግእ ወይ ብማእሰርቲ፡ እንተ ላዕላዋይ ደረጃ ትምህርቲ ብምሕራም ወይ ኣብ ተስፋ ኣልቦ ህይወት የእትዮም ኣብ ፈቐዶ ስደት፡ ኣራዊት ይብላዓዮም ምድረ-በዳ ወይ ባሕሪ ይውሓጦም ብዘየገድስ ፋሕ-ጭንግራሕ ኣእትዮም የጽንትዋ ኣለዉ። እምበኣርከስ፡ ህግደፍ ይኹን ኪዳን በብመገዶምን ዓቕሞምን፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ ኣትያቶ ዘላ ሓደገኛዊ ኩነት ክትኣቱ ተራ ተጻዊቶም እዮም።

እቲ ፍታሕ፡ ንዝኣረገ ልብሲ፡ ብሓዱሽ ዓለባ ምልጋብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ እቲ ሓዱሽ ዓለባ፡ ነቲ ኣረጊት ልብሲ፡ ዝገደደ ከም ዝበታተኽ ጥራሕ'ዩ ዝገብሮ። ስለዝኾነ፡ ንኤርትራ፡ ኣብ ተሪር ኤርትራውነት ባይታ ዝሰረቱ፡ ብሓዱሽ መንፈስን ውህደትን ዝሰርሕ ምንቅስቓስ ወይ ውደባ የድሊ ኣሎ። እዚ ምባል ቀሊል'ዩ። ግን ... 'ከመይ'? ዝብል ሕቶ ዝኸበደ ስለዝኾነ።

እቲ ኣብ ተሪር ኤርትራውነት ባይታ ሰሪቱ ብሓዱሽ መንፈስን ውህደትን ክብገስ ዝኽእል ውደባ ከመይ'ዩ ክፍጠር? ካበይ'ዩ ክመጽእ? መን'ዩ ዘበግሶ? ዝብሉ ሕቶታት ምምላሶም ኣዝዮም ኣሸገርቲ እዮም። እንተኾነ፡ ነዞም ግድን ክፍትሑ ዘለዎም ሕቶታት፡ ንምምላሶም ሕጂ ተበግሶ እንተዘይተወሲዱ፡ ጽባሕ ኣብ ዝገደደን ዝበኣሰን ክኸውን ኢዩ። ስለዝኾነ፡  ብመትከል ኤርትራውነት፡ ንህግደፍን ንኪዳንን ዝቃወሙ፣ ካብ ዘረባ ይኹን፡ ካብ ኣብ ገዛኻ ወይ ኣብ ስ'ኪሪን ናይ ኮምፒተርካ ኮንካ ምጽሓፍ ወጺእካ፡  ናብ ዓወት ዘምርሕ ተግባረ-ስራሕ ክትልሙን፡ ክፍጽሙን ይሕተቱ። ግን፡ ሕጂ።

ኤርትራውነትን፡  ቅድመ-ኤርትራውነት ታሪኻዊ ክውንነትን፡ ንናይ ሎሚ ኤርትራ ካብ ናይ ውሽጢ ይኹን ናይ ግዳም ተጻባእታ ንምድሓን ብቕዕ መንሃሪ ዝኸውን ባይታ ኣሎ። ከም'ቲ ኒሕ ዝድልዮ መኸተ ምስ ኣጋጠመ፡ ኣዋልድናን ኣዴታትን ''ዓል ኣቦኣኸ''!! ኣቦታትናን ኣያታትናን ድማ ''ወዲኣይተ'ኸ'' እናበሉ ብሓቦ ዝገጥምዎ ዝነበሩ፡ ሕጂ'ውን ሓቦ ዘደልዮ ተበግሶ ይጽዋዕ ኣሎ።

ህግድፍ ይኹን ኪዳን፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ክብርን ማሕበራዊ ፍትሕን ኣየምጽእሉን እዮም። ንባዕሎም ጸገም ስለዝኾኑ። (መንግስቲ) ኢትዮጵያ ከምኡ፡ ብዝኾነ ተኣምር ንጸገም ህዝቢ ኤርትራ እፎታ ከምጽኡ ኢልካ ኣይሕሰብን፣ እቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ረብሓ፡ ምስ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ዘይቃዶ ስለዝኾነ። እንተኾነ፡ ክልቲኦን ሃገራት ካብ ታሪኽ ውግእን ምስሕሓብን፡ ካብ ብሰበብ ውግእን ዘይርግኣትን ክርመሰኦ ዝጸንሓ ኣህላኺ ኩነት ወጺኦን፡  ከም ሓደን ዝተቓረረበን ታሪኽን ባህልን ዘለወን ኣሕዋት ሃገራት መጠን፡ ብሓባር ተጓራቢተን ክነብራ ይግበኦን። ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሽግር፡ እንተ እዚ ናይ ሕጂ ናይ ኢሳያስን መለስን እንተ 'ቲ ናይ ቀደም፡ ውግእን ምጉባጥን ምፋሕ ኣየምጽእን'ዩ። ኣብ ዲግ ዝበለ ዘተ ምእታው'ዩ። ዲግ ዝበለ ዘተ ክግበር ዝክኣል ግን፡ ኣብ ኤርትራዊ ክብሩን መንነቱን ጸኒዑ ዝዛተን ዝላዘበን ኤርትራዊ መሪሕነት ኣብ ባይታ ምስ ሃለወ ጥራሕ'ዩ። ክሳብ ሽዑ፡ ንቁም በብህላዌነ።

ብዛዕባ ፍታሕ ጽሓፍ። ሃገርና ኤርትራ፡ ካብ'ዚ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ ከውጽኣ ዝኽእል ፍታሕ ኢና ንደሊ ዘለና። ንሱ ጥራሕ'ዩ ድማ መድረኽ ዝጽወያ ዘሎ... ክትብሉኒ ትኽእሉ ኢኹም። ''ፍታሕ'' ግን መካኒካዊ ኣይኮነን። መስርሕ'ዩ። ከም'ቲ ስነ-ጥበባዊ የውሃንስ ትኳቦ (ወዲ ትኳቦ) ኣብ ሓንቲ ደርፉ ዝቓነዮ፡ “''ምዕራፍ፡ ዝጸበያና እምበር ንጽበዮ ኣይኮነን'' ይብል። ፍታሕ ድማ ምዕራፍ'ዩ። ንሰርሖ እምበር ተሰሪሑ ዝቕረበልና ኣይኮነን።

እቶም ፍታሕ ንጽበ ዘለና፡ ብርግጽ ስግር ህግደፍን ኪዳንን ንርኢ ኣለና ማለት`ዩ። ስለምንታይ፡ ፍታሕ ካብ ህግደፍ ይኹን ካብ ኪዳን ንጽበ ኔርና እንተንኸውን፡ ኣብቲ እዘን ውድባት እዚኣተን ዘለወን ናይ ስርርዕ ስራሕ ተዋፊርና ንቃለስ ምሃለና። ስለዚ ኣይኮናን። እሞ፡ መተካእታ ህግደፍን ኪዳንን ዝኸውን ዝሓሸ ስርርዕ ኣሎዶ? ብሕጂ ድዩ ክፍጠር?... በብመገድና ንፈትሾ። ዕቡስ ካብ ምኳን፡ ምንጣፍ ስለዝምረጽ፡ ካብ ``ፍታሕ`` ብካልኦት ክቐርበልና ንጽበ፡ ነቲ ዘዕግበና ኤርትራዊ ፍታሕ ኣብ ምርግጋጹ ኣበርክቶና ክንፍጽም ኣብ ስራሕ ንጽመድ።

ኣብ መወዳእታ፡ መተካእታ ህግደፍ ከይተረኽበ... ዝብሉ ብዙሓት ኤርትራውያን እሰምዕ። እዚ`ውን ዓባስ መርገጽ`ዩ። ናይ ህግደፍ መታካእታ ክሳብ ንረክብ ምስ ህግደፍ ተጸጊዕና ወይ ተማሻኺና ንጽናሕ የስምዕ። ``ደፋር ኣይሞተ ፈራሕ ኣይሞተ፡ ላንጊላንጋ ሞተ``

ፍታሕ መሰርሕ ካብ ኮነ፡ ``ከመይ ዘይከውን?`` ጽሑፈይ፡ ምስ`ቲ መስርሕ ናይ ፍታሕ ክጓዓዝ`ዩ።

... ይቕጽል

ግንቦት 7 2011

ጻጋይ ነጋሽ